# ማሕበር መንእሰያት ኤርትራውያን ከተማ ሮማ-ኢጣልያ

## 4,000 (ኣርባዕተ ሽሕ) ኤውሮ ንስድራቤት ስዉኣት ኣወፍዮም።

ማሕበር መንእሰያት ኤርትራውያን ከተማ ሮማ ፡ ብዕለት 25/09/2010 ኣብ ዘዳለውዎ ባህላዊ መደብ ዝተረኽበ ኣታዊ 4,000 ኤውሮ ፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣውፊዮሞ።

እዚ ብብርክት ዝበሉ መንእሰያትን ዓበይትን ተቐማጦ ከተማ ሮማ ከምኡ'ውን ብወከልቲ ማሕበር መንእሰያት ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ማዕሪት ዘምሰየ ድሙቕ ባህላዊ ምሸት ፡ በቲ ሓደ ወገን መንእሰያት ተቐማጦ ሮማ ከም ተሰከምቲ ሕድሪ ብሓላፍነት ተበጊሶም ፡ ነዚ ቅዱስ ዕላማ እጃሞም ንኸበርክቱ ዝሓገዘ ክኸውን ከሎ ፡ በቲ ሓደ ኸኣ መንእሰያት ኤርትራውያን ሓድነቶምን ባህሎምን ዘደልድሉሉ ኣጋጣሚ ዝፈጠረ ዕዉት መደብ እዩ ኔሩ።

ኣብ'ዚ ከይተገለጸ ክሓልፍ ዘይብሉ ፡ እዚ መደብ ዕዉት ክኸውን ዝኸኣለ ምኽንያት ፡ ኣዝዩ ውሁድን ሰፊሕን ዝኾነ ተሳትፎ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሮማ ስለዝነበሮ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ ንኹሎም ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ስኒትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ስነ-ጥበባውያን ፡ ብዘይ ገለ ክፍሊት ነቲ መደብ ንምምዕራግ ልዑል ኣበርክቶ ስለዝገበሩ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ሰብ ትካላት ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዞም ብምውፋይ ነቲ መደብ ብምህብታሞም ፡ ልዑል ምስጋናና ነብጽሓሎም።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ፡ ኣብ ቀጽሪ ኣደራሽ ናቕፋ ፡ ስሩዕ ሰለስተ ወርሓዊ ኣኼባ ኣካይድቲ ኣካላት ማሕበር መንእሰያት ኢጣልያ - YPFDJ እውን ተኻይዱ ኔሩ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ካብ ከተማታት ሚላኖ ፡ ቦሎኛ ፡ ቱራሞ ፡ ሮማ ዝተዋጽኡ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ንማሕበራቶም ወኪሎም ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም። ኣብ'ቲ ኣኼባ ፡ እዘን ማሕበራት ኣተኩረን ክሰርሓሉ ዝጸንሓን ንመጻኢ ክትግበሩ ዘለዎም መደባት ስራሕን ኣመልኪቶም ዘትዮም ፡ ገለ ካብ ዝተዘተየሎም ኣገድስቲ ኣርእስቲ ፡-

- መደብ ምጉስጓስን ምጥርናፍን - ነቲ ኹሉ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎን ንቖጻሊ'ውን ከጋጥም ንዝኽእል እንተታት ዝብድሁ ሙኩራትን በላሕትን ሃገራውያን መንእሰያት ምፍጣር።

- መደብ ምዕባይ ኣታዊታት - ዝተፈላለዩ ምንጪ ኣታዊታት ክኾኑ ዝኽሉ መደባት ብምትግባር ቁጠባዊ ዓቕሚ ማሕበር ምሕያል።

- መደብ ምንባይ ስድራቤት ስውኣት - ኣብ'ቲ መንግስቲ ብልዑል ደረጃ ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ ምንባይ ስድራቤት ስውኣት ምክፋል ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ከም እተገልጸ ፡ ኣብ ከተማ ሮማ ድሮ ሒሓሙሽተ ኣባላት ዘለውዎን 10 ጉጅለታት ን10 ስድራቤት ስውኣት ክናብያ ጀሚረን ከምዘለዋ ተመሳሳሊ መደብ ከኣ ኣብ ከተማ ሚላኖን ካልኦትን'ውን ይካየድ ከምዘሎ ተገሊጹ።

- መደብ ምውርራስን ምዕቃብን ክብርታት ፣ መደብ ምስታፍ ዎርክ ሾፕ ጀነቭ ፣ መደብ 4ይ ብድሆ ቱር፣ መደብ ምስታፍ 7ይ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ፡ ዝብሉን ካልኦትን ኣገደስቲ ኣርትእስትታ ኣልዒሎም ሰፊሕ ዘተ ኣካይዶም ውሳኔታት ከኣ ኣሕሊፎም።

ስዒቡ ፡ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ'ቲ ኣኼባ ብኣካል ተረኺቡ ንተሳተፍቲ መንእሰያት ኣብ ህልው እዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዘተኮረ ፡ ብፍላይ ከኣ ንተራ መንእሰያት ኣመልኪቱ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ኣቕሪቡ ፡ ብመንእሰያት ዝቐረበሉ ዝተፈላለየ ሕቶታት ከኣ መልሲ ሂቡ። ንሽማግለ ህግደፍ ን/ጨ/ሮማ ወኪሉ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህን ንማ/ኮም ኤርትራ ኣብ ሮማን ላስዮን ወኪሉ ኸኣ ኣቶ ወልዱ ዮውሃንስ ፡ ንመንእሰያት ብምትብባዕን ኣብ ጎንኹም ኣሎና ብምባልን ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ሓያል ማሕበር መንእሰያት ክህሉ ፡ ኩሉ ካብ ማሕበራቶም ዘድሊ ደገፍ ከበርክቱ ምኻኖም በብወገኖም ቃል ኣትዮም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ዓወት ንሓፋሽ!

ሽማግለ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራውያን

ኣብ ሮማን ላስዮን